# *ናይ ሓበሬታ ወረቓት*

## *ንግዳያት ገበናዊ ጥሕሰት ሕጊ*

***ኣነ ግዳይ ገበን እዩ። እንታይ እዮም እቶም ዘለዉኒ መሰላት?***

*ግዳይ ገበን ክኾን እዩ ኢሉ ትጽቢት ዝገብር ዝኾነ ሰብ የለን።*

*ካብ ጁባኻ ተሰሪቕካ፣ ከቢድ መጉዳእታ በጺሑካ ወይም ናይ ካሊእ ጥሕሰት ሕጊ ግዳይ ኮይንካ ክኾን ይኽእል፣ ሓደ ነገር ግን ርግጽ እዩ፡ ጉድኣት በጺሑካ ክኾን ይኽእል ወይ ተናዲድካ ክትኮን ትኽእል፣ ምናልባት እውን ኣብ ቀጻሊ እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ብዝምልከት ተደናጊርካ እውን ክትኮን ትኽእል።*

*እዚ ሕታም እዚ ሓገዝ ኣበይ ክትረክብ ከም ትኽእልን እንታይ መሰላት ከምዘለዉኻን ክሕብረካ እዩ።*

***መን ክሕግዘኒ ይኽእል?***

***ምኽሪን ደገፍን ክህቡኻ ዝኽእሉ ብዙሓት ንግዳያት ሓገዝ ዝህቡ ትካላት ኣለዉ።*** እዘም ትካላት እዚኦም ነቶም ኣብ ከማኻ ዝበለ ኩነታት ዝርከቡ ሰባት ብምሕጋዝ ብዙሕ ተሞክሮ ዘለዎምን ብፍሉይ መልክዕ ስልጡና ብዝወሰዱን ሰባት እዮም ዝምርሑ። ክሰምዑኻን ክሕግዙኻን እዮም ተዳልዮም ዘለዉ። ኣብ'ቶም ዝህልዉኻ ፍሉያት ድልየታት መሰረት ብምግባር፣ እዘም ትካላት እዚኦም ከም ምኽሪን ሕክምናን ዝበሉ ተወሰኽቲ ደገፋት ክትረክብ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

ናብ መን ክትከድ ከም ዘለካ ንምፍላጥ ኣብ [***www.hilfe-info.de***](http://www.hilfe-info.de) ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።

ነቲ ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ናይ ፖሊስ ጣብያ ብምኻድ እውን ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

***ነቲ ዘጋጠመ ገበን ብኸመይ ክሕብርን ብኸመይ ከ ገበናዊ ክሲ ከቕርብን ይኽእል? ቀጺሉኸ እንታይ እዩ ከጋጥም?***

እንተደኣ ገበን ክትሕብር ደሊኻ፣ ናብ'ቲ ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ናይ ፖሊስ ጣብያ ብምኻድ ክተዘራረቦም ኣለካ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ዘጋጠሙ ገበናት ናብ ቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ህዝቢ እውን ክሕበሩ ይኽእሉ እዮም። ሓንሳብ ዕላው ብዝኾነ ኣገባብ ንሓደ ዘጋጠመ ገበን ምስ ሓበርካ፣ እቲ መስርሕ ንድሕሪት ክምለስ ኣይኽእልን። ናይዚ ምኽንያት ድማ እቶም ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ፖላዊስን ዓቀብቲ ሕግን ንኹሎም ዝተሓበሩዎም ዓይነታት ገበን ንክምርምሩ ሕጋዊ ሓላፍነት ስለ ዘለዎም እዩ።

እቲ ግዳይ ክሲ ክምስርተሎም ወይ ክገድፎ ዝኽእለሎም ዝተወሰኑ ከበድቲ ዘይኮኑ ገበናት ኣለዉ (ንኣብነት፡ ጸርፊ ወይ ናይ ንብረት ምብራስ)። ኣብ ጀርመን፣ እዘም ገበናት እዚኦም "ምልክታ ኣብ ዝግበረሉ" ግዜ እዮም ክሲ ክቐርበሎም ዝኽእል። እዚ ማለት፣ እዘም ሰብ መዚ ኣብ'ቲ ዘጋጠመ ገበን ክሲ ክምስርቱ ዝኽእሉ ንስኻ፣ እቲ ግዳይ፣ ከምኡ ክገብሩ ምስ እትሓቶም ጥራሕ እዩ። ኣብ'ዘም ጉዳያት እዚኦም፣ ንስኻ እቲ ገበን ከምዝተፈጸመን ብመን ከም ዝተፈጸመን ምስ ፈለጥካ፣ ነቶም ሰብ መዚ ኣብ'ዘም ገበናት እዚኦም ክሲ ክምስርቱ ክትነግሮም ትኽእለሎም ናይ *3 ኣዋርሕ ናይ ግዜ ወሰን* ኣለካ።

***እንተደኣ ቋንቋ ጀርመን ክርዳእ ዘይክእል ወይ ናይ ምርዳእ ጸገም ኣለኒ ኮይኑ፣ እንታይ የጋጥም?***

እዚ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን። እንተደኣ ብዛዕባ ዘጋጠመ ገበን ሓበሬታ ክትህብ ደሊኻ፣ ዝኾነ ሰብ ሓገዝ ክገብረልካ እዩ! እንተደኣ ከም ምስክር ኮይንካ ቃለ መሕተት ዝግበረልካ ኮይኑ፣ ተርጓሚ ክቐርበልካ ናይ ምሕታት መሰልካ ሕሉው እዩ። እንተደኣ ዝኾነ ሓበሬታ ክትረክብ ደሊኻ እሞ ብቋንቋ ጀርመን ክትረዳዳእ ዘይትኽእል እንተኾይንካ፣

በቲ ንስኻ ክትርድኦ ትኽእሎ ቋንቋ ሓበሬታ ክወሃበካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

***እቲ ጉዳዩይ ብዛዕባ ዝስጉመሉ ዘሎ ኣገባብ ዝምልከት እንታይ ሓበሬታ ክረክብ ይኽእል?***

እንተደኣ እቲ ገበን ዘጋጠመካ ግዳይ ኮይንካ፣ እቲ ጉዳይካ ብኸመይ ይስጉም ከምዘሎን ክትፈልጥን ካብ'ቲ ናይ ጉዳይካ ሰነድ ሓበሬታ ክትረክብን ትኽእል ኢኻ። እንተደኣ ሓበሬታ ክትረክብ ደሊኻ፣ ብዛዕባ እዚ ገበን ንፖሊስ ሓበሬታ ኣብ እትህበሉ ሰዓት ነቶም ፖላዊስ ሓበሬታ ክትረክብ ከም እትደሊ ምሕባር እዩ። እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ክትረክብ ከም እትደሊ እውን ክትነግሮም ኣለካ። ሓንሳብ ነዚ ሓበሬታ ክትረክብ ምስ ሓተትካ፡

- ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ገበን ንሰብ መዚ ሓበሬታ ከም ዝሃብካ ዘረጋግጽ ሓጺር ሰነድ ክበጽሓካ እዩ።
- ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ዓቀብቲ ሕጊ ነቲ ጉዳይ ከቋርጾዎ እንተወሲኖም፣ እዚ ማለት ናብ ቤት ፍርዲ ንዘይምውሳድ እንተወሲኖም ሓበሬታ ክበጽሓካ እዩ።
- እንተደኣ እቲ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ክውሰድ ተወሲኑ፣ እቲ መጋባእያ ቤት ፍርዲ መዓስን ኣበይን ከም ዝካየድን እቲ ተኸሳሲ ዝቐረቦ ክሲን ብዝምልከት ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ።
- ብዛዕባ ውጽኢት እቲ መጋባእያ ቤት ፍርዲ እውን ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ። እዚ ማለት እቲ ተኸሳሲ ካብ'ቲ ገበን ናጻ ድዩ ኮይኑ ወይስ ገበነኛ ተባሂሉ ዝብል ወይ እቲ መጋባእያ ብዘይ ፍርዲ ተቛሪጹ ምኺን ዘይምኺኑ ብዝምልከት ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ።
- እቲ ዝምልከቶ ሰብ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምኺኑን ዘይምኺኑን እውን ክንነገረካ እዩ። ካብ ቀይዲ ክፍትሑ ፍቓድ እንተተወሂቡዎም ወይ ካብ'ቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝነበሩሉ ቦታ ኣምሊጦም ወጺኦም እንተኾይኖም እውን ክንነገረካ እዩ።
- እንተደኣ እቲ ተኸሳሲ ገበነኛ ኮይኑ ተረኺቡ፣ ምሳኻ ዘለዎም ርክብ ከቋርጹ ድዮም ዘይከቋርጹ ብዝምልከት ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ።

ኣብ ትሕቲ ዝተወሰኑ ኲነታት ካብ'ቶም ናይ እቲ ጉዳይ ሰነዳት ሓበሬታ ወይ ቅዳሕ ክወሃበካ ክትሓትት እውን ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፣ እንተደኣ ናይ ትራፊክ ሓደጋ ኣጋጢሙካ ኮይኑ፣ ነቲ ዘጋጠመካ ጉድኣት ን/ወይ ስቓይን መጉዳእቲን ካሕሳ ክወሃበካ ትሓተሎም እቲ ሓደጋ ከመይ ከም ዝበጽሐ ዘርእዩ ስእሊታት ክወሃበካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ናይ'ዞም ስእሊታት እዚኦም ቅዳሕ ካብ'ቶም ናይ ጉዳይ ሰነዳት ክወሃበካ እውን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እንተደኣ ኣብ'ቲ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ከም "ናይ ውልቀ ተሓጋጋዚ ዓቃቢ ሕጊ" "private

accessory prosecutor" (እዚ ኣገላልጻ እዚ ኣብ ገጽ ! ተገሊጹ ኣሎ) ኮይንካ ዘይትሳተፍ ኮይንካ፣ ነዚ ሓበሬታ እዚ ክትረክብ ንምንታይ ከምዝደለኻ ክትገልጽ ኣለካ። ኣብ'ቶም ናይ ውልቂ ጉዳያት ገለ ፍሉይ ኣተሓሕዛ ዝግበረሎም ክህልዉ ይኽእሉ።

***ከም ምስክር ኮይንካ እትህቦ ቃል/መግለጺ***

ከም ሓደ ግዳይ ገበን ኣብ ከይዲ እቲ ናይ ገበን መጋባእያ ቤት ፍርዲ ወሳኒ ትጻወቶ ተራ ኣለካ፡ ንስኻ ምስክር ኢኻ። ናይ'ቲ ምስክር ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ ዕዮ ምሉእን ቅኑዕን ቃል ምስክርነት ምሃብ እዩ። ናብ'ቲ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ክህልዉኻ ዝኽእሉ ዝኾኑ ሰነዳት (ንኣብነት፡ ናይ ሕክምና ወረቐት ምስክር ወይ ስእሊታት) ሒዝካ እንተኸይድካ፣ ነቶም ነቲ መርመራ ዘካይዱ ሰብ መዚ ልዑል ሓገዝ ዝህብ እዩ። ኣብ መብዛሕቲኦም ጉዳያት ቃል ምስክርነትካ ነቲ ፖሊስ ኢኻ ክትህብ። ኣብ ብዙሓት ጉዳያት ድማ ጸኒሕካ ኣብ ቤት ፍርዲ እውን ቃል ምስክርነትካ ክትህብ ኣለካ። ኣብ ገለ ብፍሉይ ኣገባብ ዝተሓዙ ጉዳያት ጥራሕ እዩ ቃል ምስክርነት ክትህብ ዘየድልየካ። እዚ ድማ፣ ንኣብነት፣ እንተደኣ ተመርዒኻ ኮይንካ ወይ ምስ'ቲ ገበን ፈጺሙ ተባሂሉ ዝተኸሰሰ ሰብ ናይ ቀረባ ርክብ እንተሃልዩካ ተፈጻሚ ክኾን ይኽእል። ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ጉዳያት ዝኾነ ክትብሎ ዘለካ ነገር ኣይክህሉን።

እቲ መጋባእያ መስርሕ ምስማዕ ኣብ ዝካየደሉ ሰዓት ስምካን ኣድራሻኻን ክትሕተት እንክለኻ ክትህብ ኣለካ። እንተደኣ ኣብ ሓደጋ ዘለኻ ኮይንካ፣ ንኣብነት፣ ዝኾነ ሰብ ናብ'ቶም ሰብ መዚ እንተኸይድካ ክጎድኣካ እዬ ኢሉ እንተፈራሪሑካ ኮይኑ፣ ነዞም ዝርዝር ጉዳያት እዚኦም ክትህብ ኣይትግደድን ኢኻ። ኣብ'ዚ ከም'ዚ ዝበለ ጉዳይ፣ ነቲ ናይ መንበሪ ገዛኻ ኣድራሻ ክትህብ ኣየድልየካን እዩ፣ እቶም ሰብ መዚ ክረኽቡኻ ዝኽእሉሉ ካሊእ ኣድራሻ ክትህብ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፣ ናይ'ቲ ዘዘራረብካዮ ንግዳይ ሓገዝ ዝህብ ትካል ዝርዝራት ክትህብ ትኽእል ኢኻ። እንተደኣ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪብካ ቃል ምስክርነት ሂብካ ኮይንካ እሞ እቲ ነቲ ገበን ፈጺሙዎ ተባሂሉ ዝተኸሰሰ ሰብ ኣብ'ቲ ቤት ፍርዲ ኣሎ ኮይኑ፣ እቲ ትነብረሉ ቦታ ጥራሕ እምበር ምሉእ ኣድራሻኻ ኣይክትሕተትን ኢኻ። እንተደኣ ኣብ ሓደጋ ኣለኻ ኮይንካ (ኣብ'ቲ ላዕሊ ብዝተገልጸ መሰረት)፣ ነቲ ትነብረሉ ቦታ ክትገልጽ እውን ኣይክትሕተትን ኢኻ።

ምስክር ኮይንካ ምቕራብ መብዛሕቲኦም ሰባት ዘይፈልጡዎን ኣጸጋሚ ክኾን ዝኽእልን ኩነታት እዩ። ነገራት ቀለልቲ ክኾኑልካ ንምግባር፣ ቃል ምስክርነት ክትህብ እንክለኻ ሰብ ምሳኻ ሒዝካ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ። እዚ ምሳኻ ዝመጽእ ሰብ ዘመድ ወይ መሓዛ ክኾን ይኽእል እዩ። ቃል ምስክርነት ክትህብ ኣብ ትሕተተሉ ሰዓት ምሳኻ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እቲ ምሳኻ ዝመጸ ሰብ ኣብ ዝተወሰኑ ዝተፈለዩ ኩነታት ጥራሕ እዩ ካብ'ቲ ክፍሊ ክወጽእ ዝሕተት። ናይ ሕጊ ጠበቓ ክህልወካ እውን ይከኣል እዩ። ኣብ ፍሉያት ጉዳያት እቲ ግዝኣት ኣብ'ቲ እዋን ሕቶ ንዓኻ ንምሕጋዝ ነቲ ናይ ሕጊ ጠበቓኻ ባዕሉ ክፍሊት ክፍጽመሉ ይኽእል እዩ። እንተደኣ ኣብ እዋን ሕቶታት ከም'ዚ

ዝበለ ሓገዝ የድልየኒ እዩ ኢልካ ሓሲብካ፣ ምናልባት ምስ ፖሊስ ፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ምስ ህዝባዊ ጠበቓ ሕጊ እውን ክኾን ይኽእል፣ ነቲ መጋባእያ ዘካይድ ዘሎ ሰብ ቅድሚ ነቶም ክትሕተት ምጅማርካ፣ ብዝተኻኣለ መጠን ኣብ'ቲ ኣቐዲምካ እትረኽቦ ዕድል፣ ከም'ዚ ዝበለ ሓገዝ ከም ዘድልየካ ክትሕብሮ ኣለካ።

## *ሳይኮሶሻል ሓገዛት ኣብ መጋበእያታት ቤት ፍርዲ*

ካብ 2017 ጀሚሩ፣ ሞያዊ ሓገዝ (ቅድም ክብል ኣገልግሎታት ሳይኮሶሻል ሓገዝ ኣብ መጋባእያታት ቤት ፍርዲ ተባሂሉ ዝፍለጥ) ኣብ ዝተወሰኑ ጉዳያት ኣብ መላእ እዛ ሀገር ኣብ ኩሎም እቶም ዝካየዱ መጋባእያታት ቤት ፍርዲ ክቐርብ ጸኒሑ እዩ። ብፍላይ ድማ፣ እቶም ግዳያት ጥሕሰት መሰል ወይ ጾታዊ ዓመጽ ዝኾኑ ቆልዑትን ንኡሳትን ነዞም ከም'ዚኦም ዝበሉ ሓገዛት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ይኹን እምበር እቶም ዓበይቲ ኮይኖም ከም'ዚኦም ዝበሉ ከበድቲ ጥሕሰት መሰላት ወይ ጾታዊ ዓመጻት ዘጋጠሞም እውን ከምዚ'ኦም ዝበሉ ሓገዛት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ሓገዛት ሳይኮሶሻል እቲ ቤት ፍርዲ ክቐርብ ይኽእል እዩ ኢሉ ክሰብ ዘጽደቖ፣ ካብ ክፍሊት ናጻ ዝወሃብ ግልጋሎት እዩ። ኣብ ኩሎም ካልኦት ጉዳያት፣ ነቲ ንሳይኮሶሻል ሓገዝ ኣገልግሎት ዝወጽእ ወጻኢታት ባዕልኻ ክትሽፍን ኣለካ። ዝያዳ ዝርዝራት ምስ እትደሊ፣ ነቲ ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ፖሊስ ጣብያ ወይ ናይ ግዳያት ሓገዝ ወሃቢ ትካል ክተዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ እቶም ኣብ መጋባእያታት ቤት ፍርዲ ዝወሃቡ ሓገዛት ሳይኮሶሻል ብዙሕ ሓበሬታ ኣብ ኦንላይን ኣብ [→ www.hilfe-info.de](http://www.hilfe-info.de) ክትረክብ እውን ትኽእል ኢኻ።

## *ኣብ'ቲ መስርሕ ክሲ ተሳታፊ ክኾን ይኽእል'ዶ?*

እንተደኣ ግዳይ ናይ ዝተወሰኑ ገበናት ኮይንካ፣ ኣብ'ቲ መስርሕ ክሲ ከም'ቲ ቅድም ክብል "ናይ ውልቀ ተሓጋጋዚ ዓቃቢ ሕጊ" "private accessory prosecutor" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ኮይንካ ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ። እንተደኣ ግዳይ ናይ ከም ጾታዊ ዓመጽ፣ ጾታዊ ጥሕሰት መሰል ወይ ናይ ቅትለት ፈተነ ግዳይ ኮይንካ ወይ እቲ ዝተፈጸመ ገበን ናይ ሓደ ቀረባ ዘመድ ሞት ዘስዓበ እንተኾይኑ፣ ናይ ውልቀ ተሓጋጋዚ ዓቃቢ ሕጊ (private accessory prosecutor) ክትኮን ትኽእል ኢኻ። ከም ሓደ ናይ ውልቀ ተሓጋጋዚ ዓቃቢ ሕጊ (private accessory prosecutor)፣ ፍሉያት መሰላት ትረክብ። ንኣብነት፣ እቲ ናይ ሕጊ ጠበቓኻ ከክንዳኻ ኮይኑ፣ ዝኾነ ዝተፈለየ ምኽንያት እንከየቕረበ፣ ነቶም ናይ ገበን ሰነዳት ክምርምር ይኽእል ጥራሕ ዘይኮነ እቲ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝካየደሉ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ምልክታ ከቕርብ ይኽእል እዩ። ካብ'ዚ ብተወሰኺ፣ ኣብ ኩሎም ክፋላት እቲ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ፣ እዚ ድማ ካልኦት ወሃብቲ ቃል ምስክር ክገብሩዎ ዘይክእሉ እዩ።

### *ነቲ ናይ ሕጊ ጠበቓይ መን እዩ ክኸፍሎ?*

ናይ ሕጊ ጠበቓ ምቑጻር ከቢድ ዋጋ ክሓትት ይኽእል። እንተደኣ እቲ ተኸሳሲ ገበን ፈጺሙ እዩ ተባሂሉ ተወሲኑ፣ ንሱ/ሳ ነቲ ንናይ ሕጊ ጠበቓኻ ዘውጻእካዮ ወጻኢታት ክሸፍን ኣለዎ። ይኹን እምበር፣ ኩሉ ገበን ፈጺምካ ተባሂሉ ፍርዲ ዝተውሃቦ ሰብ ነዞም ወጻኢታት እዚኦም ክሸፍን ይኽእል እዩ ማለት ኣይኮነን። ገለ ወጻኢታት ባዕልኻ ክትሸፍን ከድልየካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ትሕቲ ዝተወሰኑ ፍሉያት ጉዳያት፣ ክፍሊቱ በቲ ግዝኣት ዝሸፈን ናይ ሕጊ ጠበቓ ክቐርበልካ ነቲ ቤት ፍርዲ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፣ እንተደኣ ንስኻ ግዳይ ናይ ጥሕሰት መሰል ወይ ጾታዊ ዓመጽ ግዳይ ኮይንካ ወይ እቲ ገበን ሞት ናይ ቀረባ ዘመድካ ፣ ንኣብነት፣ ውላድካ፣ ኣዴኻ፣ ኣቦኻ፣ በዓልቲ ገዛኻ ዘስዓበ እንተኾይኑ፣ ነዚ ሕቶ እዚ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ከም'ዚ ዝበለ ጉዳይ ከጋጥም እንከሎ፣ ዋላኳ ንስኻ ባዕልኻ ክትከፍል ትኽእል ኩን፣ እቲ ግዝኣት ንክፍሊት ናይ ሕጊ ጠበቓኻ ክሸፍን እዩ።

ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣብ ካልኦት ጉዳያት እውን እቲ ቤት ፍርዲ ንናይ ሕጊ ምኽሪታት ዝኽፈል ክፍሊታት ክኸፍለልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚ ብዙሕ ኣታዊ ዘይብልካ እንተኾይንካን ከም ናይ ውልቀ ተሓጋጋዚ ዓቃቢ ሕጊ (private accessory prosecutor) ኮይንካ ክትቀርብ መሰል እንተሃልዩካን ተፈጻሚ ክኾን ይኽእል።

### *ንዘጋጠመ ቃንዛን ስቅያታትን ዝወሃቡ ካሕሳታት*

ብሰንኪ ዝገጠመካ ገበን ጉድኣት ኣጋጢሙካ ድዩ ወይ ድማ ነቲ ዘጋጠመካ ቃንዛን ስቅያትን ካሕሳ ክወሃበካ'ዶ ትደሊ? ነዞም ይግበኣኒ እዩ ሕቶታት እዚኦም እቲ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝካየደሉ ሰዓት ክተቕርብ'ዶ ትደሊ? እዚ መብዛሕቲኡ ግዜ ክግበር ዝኽእል እዩ። ነቶም ናይ ይግበኣኒ እዩ ሕቶታትካ ምስ'ቲ መስርሕ ፍርዲ ክቐርቡልካ ትደሊ እንተኾይንካ፣ ኣቐዲምካ ምልክታ ክተቕርብ ኣለካ። እንተደኣ ናይ ይግበኣኒ እዩ ሕቶ ክተቕርብ ደሊኻ፣ ነዚ ኣብ ፈለማታት ደረጃ ንጹር ክትገብር ኣለካ - ነቲ ገበን ነቶም ሰብ መዚ ኣብ እትሕብረሉ ሰዓት እንተተገበረ ኣዝዩ ይምረጽ።

ካብ'ቲ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ወጻእ እውን ናይ ካሕሳ ናይ ይገባኣኒ እዩ ሕቶ ክተቕርብ ትኽእል። ኣብ ከም'ዚ ዝበሉ ኣጋጣሚታት ናብ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ ክትከይድ ኣለካ።

ኣብ ክልቲኦም ኣጋጣሚታት፣ እንተደኣ ኣታዊኻ ትሑት ኮይኑ፣ ናይ ሕጊ ምኽሪታት ንምርካብ ዘኽእለካ ገንዘባዊ ሓገዝ ክግበረልካ ነቲ ቤት ፍርዲ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

***ካልኦት እንታይ ዓይነት መሰላት ኣለዉ?***

በቲ ዘጋጠመካ ናይ ጥሕሰት መሰል ገበን ዝተበገሰ ኣብ ጥዕናኻ ጉድኣት ኣጋጢሙካ ዶ? ከምኡ እንተኾይኑ፣ እቲ ሕጊ ናይ ግዝኣት ረብሓታት ክትረክብ ይፈቕደልካ እዩ። ንኣብነት፣ ንሕክምና ወይ ምኽሪ ንምርካብ ወይ ምርኩዝ፣ መሰጎሚ ወይ ዊልቼር ንምግዛእ ዘድልዩኻ ወጻኢታት ንምሽፋን ዘኽእለካ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ሓገዛት ብመልክዕ ጡረታ (ንኣብነት ነቲ ዘጋጠመካ ናይ ኣታዊ ስእነት ንምኽሓስ) ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ፈለማ ነቲ ገበን ንፖሊስ ኣብ እትሕብረሉ እዋን ነቲ ፖሊስ ብዛዕባ እዚ ዘለካ ሕቶ ክተቕርበሉ ትኽእል ኢኻ። ናብ'ቲ ዝምልከቶ ሰብ መዚ ክመርሑኻ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ህጹጻት ጉዳያት ድማ ቅልጡፍን ቀጥታዊን ዝኾነ ሳይኮቴራፒዩቲክ ሓገዝ ዝህብ ናይ ደገ ተሓከምቲ ጉድኣት ማእኸል እውን ኣሎ እዩ። ነዚ ግልጋሎት ንምርካብ ኣቐዲምካ ክትምዝገብ ኣየድልየካን እዩ።

እንተደኣ ግዳይ ግብረ ሽበራዊ ወይ ናይ ኣኽረርቲ መጥቃዕቲ እንተኾይንካ፣ ካብ Federal Office of Justice (BfJ) (ቤት ጽሕፈት ፍትሒ ፌደራል) ሓገዝ ንምርካብ ክተመልክት ትኽእል ኢኻ። ነዚ ሓገዝ ንምርካብ መሰል ዘለካ ምዃን ዘይምዃኑን ብኸመይ ናይ ይግበኣኒ ሕቶ ክተቕርብ ከም እትኽእልን ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡ [→ ***www.bundesjustizamt.de***](http://www.bundesjustizamt.de) (Bürgerdienste → Härteleistungen ኢልካ ኣልሽ)

እንተደኣ ግዳይ ናይ ዘቤታዊ መጥቃዕቲ ኮይንካ፣ ናይ ጀርመን ሕጊ ተወሳኺ ሓለዋ ክትረክብ ከም እትኽእል ይድንግግ። ንኣብነት፣ ነቲ ከባቢያዊ ቤት ፍርዲ (ናይ ስድራቤት ቤት ፍርዲ) ነቲ ጉድኣት ዘብጸሓልካ ሰብ ምሳኻ ዝኾነ ዓይነት ርክብ ከይገብር ክገብሮ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ፣ እንተደኣ ምስ ሓደ መጥቃዕቲ ዘበጸሓልካ ሰብ ብሓንሳብ ትነብር ኮይንካ፣ እቲ ቤት ፍርዲ ንስኻ ኣብ'ቲ መንበሪ ገዛ በይንኻ ክትነብር ዘኽእል መሰል ክህበካ ይኽእል እዩ። ናብ'ቲ ቤት ፍርዲ ምልክታታትካ ብጽሑፍ ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ ወይ ድማ ኣብ'ቲ ቤት ፍርዲ ንሰራሕተኛ ቤት ፍርዲ ብምዝርራብ ንሶም ድማ ነቲ ምልክታኻ ሽዑ ንሽዑ ክስንዱልካ ይኽእሉ እዮም። ብናይ ሕጊ ጠበቓ ክትውከል ኣየድልየካን እዩ።

ኣብ ትሕቲ statutory accident insurance scheme (ሕጋዊ ናይ ሓደጋ መድሕን ስኬም) እውን ረብሓታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ንስኻ ኣብ ሞያዊ ስራሕ እንዳሃለኻ፣ ምስ ናይ ቤት ትምህርቲ ወይ ናይ ዩኒቨርሲቲ ሰሚናር ጉጅለ ኣብ ጉዕዞ እንዳሃለኻ ወይ ኣብ እዋን ሓደጋ ወይ ህጹጽ እዋን ንሰባት ኣብ ምሕጋዝ እንከለኻ ጉድኣት ክበጽሓካ እንከሎ ክኸውን ይኽእል። ብዛዕባ ናይ ሓደጋ መድሕን ገንዘባዊ ሓገዛትን ናይ መድሕን ማሕበር ናይ ኣስራሕቲ ሓላፍነታትን ዝምልከት ሓፈሻዊ ሓበሬታ ኣብ ናይ Deutsche Gesetzliche Unfallversicherung (DGUV) ማሕበር ድሕረ-ገጽ ኣብ →[***www.dguv.de***](http://www.dguv.de)→ (Organisation and structure (ትካልን ትሕተ ቕርጽን) → Tasks (ንጥፈታት)) ክርከብ ይኽእል እዩ።

***መስርሕ ሽምግልና ግዳይ-ገበነኛ ማለት እንታይ እዩ?***

መስርሕ ሽምግልና ግዳይ-ገበነኛ ማለት ግዳያት ገበን ነቲ ዘጋጠሞም ጉድኣት ንክሳገሩ ንምሕጋዝን ንኻልኦት ዕላማታትን ዝተነደፈ መስርሕ እዩ። ካብ ናይ ገበን መጋባእያ ቤት ፍርዲ ብዝተፈለየ መልክዑ፣ እቶም ኣብጻሕቲ ጥሕሰት መሰል ኣብ ገጽ-ገጽ ኣብ ዝግበር ርክብ ኣብ ልዕሊ እቲ መጉዳእታ ዘብጽሑሉ ሰብ ዝወረደ ጉድኣት ብርሰትን ንምጽጋንን ቀጥታዊ ጻዕሪ ክገብሩ ኣለዎም። እቲ ግዳይ ቁጠባዊ ማህሰይቲ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ መጉዳእቲ ወይ ኣካላዊ ጉድኣት ኣጋጢሙዎ ክኾን ወይ በቲ ዘጋጠሞ ጥሕሰት መሰል ዝተበገሰ ጭንቀት ከጋጥሞ ይኽእል እዩ። እቲ መስርሕ ሽምግልና ነዞም ጸገማት እዚኦም ንምፍታሕ እዩ ዕላማ ገይሩ ዝሰርሕ። እቲ ዘተ መብዛሕትኡ ግዜ ብሓገዝ ዝሰልጠነ ኣማኻሪ ሽምግልና ዝካየድ ኮይኑ፡ ይኹን እምበር ድልየትካ እንተኾይኑ ብዘይ ገጽ ንገጽ ኣኼባ ብመንገዲ እቲ መሸማገሊ ጥራይን ክካየድ ይኽእል እዩ።

መስርሕ ሽምግልና ግዳይ-ገበነኛ ካብ'ቲ ግዳይ ፍቓድ ወጻኢ ክግበር ኣይኽእልን። ከምኡ'ውን፡ እቲ በዳሊ በቲ ዝገበሮ ሓላፍነት ክወስድ ብዕቱብ ፍቓደኛ ምስ ዝኾውን ጥራይ እዩ ክቐርብ ዝኽእል። ኩነታት ኣብ ዝፈቕዱሉ፣ መስርሕ ሽምግልና ግዳይ-ገበነኛ ግዳያት ነቲ ዘጋጠሞም ግጭት ባዕሎም ከመሓድሩዎን ኣብ ትሕቲ እቲ ሕጊ ሰላማዊ ርክብ ክመልሱን እዩ ዓቕሚ ዝህቦም። ፖሊስን ጠበቓታት ሕግን ነዚ ኣማራጺ እዚ ክውሰድ እዮም መብዛሕቲኡ ግዜ ዝመኽሩ። ይኹን እምበር፣ እዚ ኣካል እቲ ናይ ገበናዊ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ዘይኮነስ፣ ንበይኑ ዝካየድ እዩ። መስርሕ ሽምግልና ግዳይ-ገበነኛ ብስልጠና ዝወስዱ ሽማግለታት ቆጺሩ ዘስርሕ ፍሉይ ተልእኾ ዘለዎ ትካል እዩ ዝወሃብ።

ብዛዕባ መስርሕ ሽምግልና ግዳይ-ገበነኛን ብዛዕባ እቶም ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ነዚ ግልጋሎት እዚ ዝህቡ ትካላት ዝያዳ ሓበሬታ እንተደሊኻ ኣብ ኦንላይን ክርከብ ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ኣብ → [***www.toa-servicebuero.de/konfliktschlichter***](http://www.toa-servicebuero.de/konfliktschlichter) ወይ ኣብ → [***www.bag-toa.de***](http://www.bag-toa.de)

***Brochures and other links (ብሮሸራትን ካልኦት መራኸቢታትን)***

www.hilfe-info.deብዛዕባ ምክልኻል ግዳያት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእል ኢኻ

ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ብሮሸራት ጠቓሚ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡

- *መምርሒ ንግዳያት*
- *Ich habe Rechte ("I have rights") (ብቋንቋ ጀርመን)*
- *Mehr Schutz bei häuslicher Gewalt ("ኣብ ጉዳያት ዘቤታዊ ዓመጽ ዝዓበየ ሓለዋ") (ብሮሸር ብቋንቋ ጀርመን)*
- ***ምኽራዊ ሓገዛትን ብዛዕባ ናይ ቤት ፍርዲታት ዋጋታት ዝሸፍኑ ሓገዛትን*** ኩሎም ኣብ www.bmj.de/Publikationen ክርከቡ ይኽእሉ እዮም
- ***Hilfe für Opfer von Gewalttaten ("ንግዳያት ዓመጽቲ ገበናት ዝግበር ሓገዝ") (ብቋንቋ ጀርመን)***www.bmas.de/opferentschaedigung

*ናይ ሕትመት ዳታ*

እዚ ሕትመት ብሚኒስትሪ ፍትሒ ፌደራል ከም ኣካል ናይቲ ዝሰርሖ ስራሕ ርክብ ህዝቢ ዝዳሎ እዩ። ካብ ክፍሊት ናጻ ዝቐርብን ንመሸጣ ዘይቐርብን እዩ።

**ኣሕታሚ፡**

Federal Ministry of Justice (ሚኒስትሪ ፍትሒ ፌደራል)

Division for public relations and citizens' dialogue (ክፍሊ ህዝባዊ ርክብን ምይይጥ ዜጋታትን)

11015 Berlin

www.bmj.de

**ንድፊ፡**

neues handeln AG

**ሕትመት ብ፡**

MKL Druck GmbH & Co. KG, Ostbevern

**ንመወዳእታ ግዜ ዝተሓደሰሉ፡**

ጥሪ 2022

እዚ ትርጉም ኣብቲ ኣብ ሕዳር 2021 ዝተሓደሰ ናይ ጀርመን ናይ ሓበሬታ ወረቐት ዝተመርኮሰ እዩ።

**ሕትመት ንምእዛዝ፡**

www.bmj.de

**Federal Government Publication Office (ቤት ጽሕፈት ሕትመት ፌደራል):**

Postfach 85 05 481009

18132 Rostock

ቴሌፎን፡ (030) 10 272 272 1

ፋክስ፡ (030) 18 10 272 272 1